# ልቢ ነዕቢ!

ኣሰፋ ኣብርሃ 02-15-18

ታሪኽዶ ይድገም ኣሎ?  ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ትግራይ ድማ ብፍላይ ኣብ ከቢድ ኹነት ከምትርከብ ካብተፈላለዩ ማእዝናት ይግለፅ ኣሎ:: እቲ ቀንዲ ፈተነ ፈደራላዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ንምፍራስ ዝዓለመ እዩ:: እዙይውን ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ናይቲ ፈደራል ስርዓት ኢትዮጵያ እምነኹርናዕን ዓምድን ስለዝኾኑ ነዖም እንተድኪምናስ ነቲ ፈደራል ስርዓት ክነፍርሶ'ና ካብዝብል ሃንቀውታ'ዩ:: እዝ ዓላማ ንምፍፃም ንነዊሕ ግዘ ብዙሕ ተፃዒሩሉ'ዩ:: ኢህኣዴግ ዕጥቃዊ ቃልሲ ተዓዊቱ ግዛዊ መንግስቲ ካብ ዝምስርት ጀሚሩ ነፃ ምድያ ክፅፍ ምስጀመረ ብዙሕ ኣንፃር ህወሓት/ኢህወዴግ ተፃሒፉ:: ንኣብነት ካብቶም ዝዝክሮም "እነዚህን ሰዎች (ህወሓቶች) አንችላቸውም ከሁለት አንዱ እንካ ካልተፈፀመ:: ወይ እርስ በርሳቸው ካልተጣሉ ወይም ከሻዕብያ ጋር ካልተጣሉ" ዝብል'ዩ:: እዚኦም ኩነታት ብተኸታታልነት ተፈፂሞምሎም እዮም::ካልእ ኣብ ኣዲስ ዘመን ጋዜጣ ዘንበብኩዎ ይመስለኒ ብግድሚ ዝተፅሓፈ "ትግሬ ሊለማ አማራ እንዲደማ" ዝብልውን ነይሩ:: ኣብ ምርጫ 1997 ዓም "ትግሬ ወደ መቁሌ እቃ ወደ ቀበሌ" ተባሂሉ:: "ወደ መጡበት እንልካቸዋለን" እውን ተባሂሉ:: እዙያት ምስተኣወጀ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሾላ መገዲ ብኣእማንን ኣጉናድን ተዓፅዩ ተጋሩ ሃዲሞም ንመቀለ ከየምልጡ::ካብ ኢትዮጵያ ወጻኢ ዘለው ተቃወምቲ ሓይሊታት ዝተፈላለያ ዜና ማዕኸናት ተጠቂሞም ዘይጽሕፉዎን ዘየታሓላልፍዎን ናይ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ጽልኢት ፕሮፓጋንዳ የለን:: እዙ ኹሉ መርዚ ንዓመታት እንክጻሓፍን ክዝርጋህን ግን ወይ ካብ ውድብ ወይ ካብ ክልል መንግስቲ ንዕኡ ዘፍሽል ኣሰራርሓ ኣይነበረን:: እንታይዳኣ "ኣበይ ከይበጽሑ'ም" ዝዓነቱ ስቅታ'ዩ ነጊሱ ፀኒሑ:: ርግፅ ብመጠኑ ካብ ዳያስፖራ ተጋሩ ፈተነታት ነይሮም::

ሎሚ ኣብዝብፃሕ በፂሖምስ እተን ኣብ መንጎ እቲ ተቃላሳይ ለባምን መስተውዓሊን ህዝቢ ትግራይ ዝተመስረታ ኢህዴን/ብኣዴንን ኦህዴድን ዝመርሐኦም ክልላዊ መንግስታት ምሕደራ ትግራዎት ከምኣራዊት ይህደኑን ይቅተሉን ንብረቶም ይቃፀልን ይስጎጉን ኣለው:: ብርግፅ ቅድሚዝኾሉ ምኽኑ ብኣምሓራይ መንነቶም ዝተገፍዑን ካብ ዓድና ውፁልና ተባሂሎም ዝተሰጎጉን ንብረቶም ዝተወርሱን ነይሮም'የም:: ነገር ግን ኣብ ሓደ ቦታ ስለተፈፀመ ኣብ ካልእ ክድገም ኣለዎ ማለት ኣይኮነን ኹሉ ክኹነን'ዩ ዘለዎ:: ናይተጋሩ ብውነ ካብ ደገ ምስ ውሽጢ ዓዲ ዝተቃነዬ ፕሮፓጋንዳ "ህወሓት ቀድሜ ትግል የጀመርኩ እኔ ነኝ ስለዚህ ይበልጥ ስልጣን መያዝ አለብኝ እያለ የትግራይ የበላይነት የህወሓት የበላይነት ሰፍነዋል" እናበሉ ናይ ኹሉ ጥፍኣትን ድኽመትን ፍልፍል'ዩ ዝብል ፕሮፖጋንዳ ብምንዛሕ ትግራዋይ ኣብ መንነቱ ዝጠመተ መጥቃዕቲ ኣብተን ኣብ ትግራይ ዝተመስረታ "ኣሓት ውድባት" ዘመሓድረአን ክልላት ይበፅሖ'ሎ:: ህዝቢ ትግራይ ኣብ ታሪኽ ከምኩልሻዕ ንኢትዮጵያ ነፃነትን ሓድነትን ዝከፈሎ ከቢድ መስዋቲ ሐዚውን ተጋሩ ብምኻኖም ኣብ "ኣሓት ውድባት"  ክልላት ዝተረሸኑ ደቁ መርድኣት እናተቀበለ ይውዕል ኣሎ:: እዚ ኹሉ መቅተልትን ግፍዕታትን ኣብዘን ክልላት ክፍፀም ኣብውሽጠን ፀረ ህዝቢ መሃንድሳት እንተዘይሃሊዮም ካብ ዓዲ ወፃኢ ዘለው መርዚ ነዛሕቲ በይኖም ኣይምስፈፀምዎን:: ዘካይዳ'ዙይ ክትሃስብ ከለኻ ታሪኽዶ ዓርሱ ይደግም ኣሎ የብለካ::

ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ሓደ ኹነት ብፍላይ ካብ ፈረንጂ ኣቆፃፅራ 1888-9 ዝነበረ የዘክረካ:: በዝእዋን እትዮጵያ ካብ ትግራይ ብተወልደ ንጉሠነስት እያ ትምራሕ ነይራ:: ግዚኡ ኣውሮፓውያን ቅኝ ገዛእቲ ንኣፍሪካ ብሓፈሻ ተቀረማሚቶም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ድማ ንኢትዮጵያ ኣኽቢበምዋ ነይሮም:: ካብዙይ ንላዕሊ ድማ እታ ገና ከምቶም ዝማዕበሉ ቅኝ ገዛእቲ ዝበፅሕዎ ደረጃ ዘይበፅሐት ሃገረ ጣሊያን ንኢትዮጵያ ክትወርር ብዘተባብዕዋ መሰረት ኣብ ባፅዕ ዓሪዳ ሙሉእ ናይ ወራር ኹናት ክትውልዕ ትሽባሸበሉ ግዘ'ዩ ነይሩ:: በቲ'ካልእ ሸነኽ ኣብቲ እዋን ንሱ ድርቡሽ ካብ ሱዳን ተበጊሱ ጎንደር ዘንደደሉ'ዩ ነይሩ:: ብ'ካልእ ወገን ድማ በቲ ንጉሠነስት ማእኸላይ መንግስቲ ዝተሾሙ ናይ ክልተ ጠቅላይ ግዝኣታት ኢትዮጵያ ነጋውስ ኣንፃር  እቲ ዝሾሞም ንጉሠነስት መንግስቲ ዝዓመጹሉ ወቅቲ'ዩ ነይሩ:: ስለዝኾነ ኣብት እዋን ንሱውን ኢትዮጵያ ኣብ ከቢድ ውጥረት እያ ነይራ:: ኣብቲ ማእኸላይ ንጉሠነስት መንግስቲ'ውን ሕትኹቱኽ እዩ ነይሩ ይበሃል:: ሓደ ኣብነት ዝዝረበሉ ኣብ ኣፉን ዕርበቱን ብቡዙሓት ኹናታት ዝተፈተነ ጦር መሪሕነት ወሪዱ ዝኣክል ልምዲ ብዘብሉ ጦር መሪሕነት ናይ መተማ ጦርነት ከምዝተመርሐ ይንገረሉ:: ከመይ ከምተዛዘመ ድማ ታሪኽ መዝጊብዎ እዩ:: ስልጣን ንጉሠነስት ኢትዮጵያ ናብ ማእኸላይ ዓዲ ካብዝሸግር ጀሚሩ ጽልኢት ህዝቢ ትግራይ ድማ ካብኡ ይጅምር ስልጣና ከሕድጉና'ም ኣየግዝኡናን ካብዝብል:: እዝፍርሒ ዝወለዶ ብዙሕ ግፍዒ በፂሁ'ዩ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ብብዙሕ መገዲ ክዳሃል ተፈቲኑ'ዩ እቲ ኣሰራርሓ ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ክመሓላለፍ ተገይሩ'ዩ:: ኣነ ካብ ራብዓይ ክፍሊ ጀሚረ ኣብ ኣዲስ ኣበባ'የ ተማሂረ ደቂ ክፍልና “ቅማላም ትግሬ ኣንበጣ በሊታ“ እናበሉ ይፃረፉ ነይሮም ካበይ ኣምፅኦምዎ ህፃውንቲ ቆልዑ? ኣብ ደርጊ ቤት ማእሰርቲ እናሃለኹ ሓደ እሱር ኮሎኔል ኣብነር ናይ ሃፀይ ኀይለሥላሰ ሕልፍኚ ኣስከልካይ ነበር ይነግረኒ እንክማሃሩ ኽለው ኩሉሻዕ ዝንገረም “ጠላት ከሰሜን ነው የሚመጣው“ እዩ::  ምናልባሽ እቲ ናይ ሃፀይ ምኒሊክ ሓወልቲ ንስምየን ገፁ ዘሎ ነዙይዶ ይኾን? ስለዝኾነ ቶም ቀዳሞት ታሳላ መተማ ዝረኸብዋ ስልጣን ከይትውሰዶም እቶም ዳሕረዎት ናይደርጊ  ተስፈኛታት ሊህቃን ድማ ደርጊ ኣስተ'ኻኺሉ ከርክበና'ዩ እናበሉ ዝፅበዩ ዝነበሩ'ም:: ሓደ ነገር ክስመረሉ ዘሎ ግን ፅልኢት ህዝቢ ትግራይ ካብማ'ኸላይ ዓዲ ዝብገሰሉ ድሕሪ መተማ ጦርነት'ዩ:: ካብ ሽው ጀሚሩ ናይ እዋኑ ምሁራን ዝባሃሉ እኒ ኣፈ-ቄሳር ( ናይ ጥልያን ባንዳ) ኣፈወርቅ ብመፅሓፍ እንተይቀረየ ንህዝቢ ትግራይ የናሽው ነይሮም::

ንም'ኻኑ ንምንታይ ኣብዝ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ኾነት ትግራይ ዘለቶ ዘጭንቅ ኹነት ተበፂሑ?
ትግራይ ብዝምልከት ማእኸላይ ኮሚቲ ህወሓት ንሰሙናት ዝኣክል ኣኼባ ኣካይዱ ሽግራት መምዩ ብምውፃእ ንባዕሉ ብምፍታሽ ነቀፌታ ዓርሰ ነቀፌታ ብምክያድ ስራሕ ምትዕርራያት ከምዝገብር ዘጋጠሙ ፀገማት ክፈትሖም'የ ብምባል ንዝበደሎ ህዝቢ ክኽሕስ ቃል ኣትዩ መግለፂ ብምውፃእ ስራሕ ጀሚሩ:: ኢትዮጵያ ብዝምልከትውን ኢህኣዴግ ንሰሙናት ኣኼባ ኣካይዱ መግለፂ ኣውፂሉ:: ምንም እካ ተን ውድባት እንታይ ከምዝገምገማን እንታይ ከምዝወሰናን ዝርዝር ንህዝቢ እንተዘይገለፃ ክነስተ'ኻኽል ኢና እለን እየንሞ ክረኦ'ዩ::

ኣብዙይ ግን ሓድሓደ ነገራት ከልዕል እደሊ:: ኢህኣዴግ ምስተዓወተ እቲ መሰረታዊ ስራሕ ዝፈጸሞ ሕገመንግስታዊ መሰረት ዘለዎ ፌደራላዊ ስርዓት ምምስራት'ዩ:: ነገር ግን ብዙሕ ኣይተሰርሐሉን ክኾን ዝነበሮ ይመስለኒ ናይ ሎሚ 23 ዓመት ምስፀደቀ ከም ዓቢዪ ፕሮጀክት (ከም ዓባይ ግድብ) ተታሒዙ ብተፈላለዩ ማዕኸናት ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ኢትዮጵያ ህዝቢ ክመሃር ምተገበአ ነይሩ:: ሕገ መንግስቲ እንትባሃል ብወረ እዩ ዝሰምዖ ትሕዝትኡ እንታይ ከምዝኾነ ኣይፈልጦን:: ርግፅ ኣብ ቤት ትምህርትታት ይዋሃብ'ዩ ይባሃል ግን ክንደየናይ ኣድማዒ'ዩ ኣይፈልጥን::ብሄር ብሄረሰባት ህዝብታት ኢትዮጵያ ትህዝቶ ሕገመንግስቲ ተረድኤምዎ ተዝኾኑ ኣብቲ ቃልሲ ርኡይ እጃሞም ምስተፃወቱ:: ሓደ ምሳለ ንምግላፅ ናይ ሰንደቅ ዓላማታት ኣሰቃቅላ ዝወፅ ሕጊ ኣሎ:: ፈደራል ሰንደቅ ዓላማ ምስ

ክልል ሰንደቅ ዓላማታት ክትስቀል ከላ ካብ ኩለን ንላዕሊ ኾይና ክትስቀል ከምዘለዋ ይድንግግ ግን ምስአተን ብማዕረ ክትስቀል ትርአ እዙይ ዝገብሩውን አብሓላፍነት ዘለው‘ም::

መናእሰይ ናይ ዓዲ ሓላፍነት ተረከብቲ‘ም  መናእሰይ እዮም ን17 ዓመት ተቃሊሶም ሰላም ልምዓት ዘረከቡ:: መንእሰይ ኢትዮጵያ ካብ ሐዚ ዘሎ ህዝቢ ካብ 60-70% ይግመት አሎ እቲ ዝበዝሕ ድማ ብኢህአዴግ ዘመን ዝተወልደ ይበሃል::ናይ ስራሕን ካልኦት ድልየቱን ብኡ መጠን‘ዩ ዝዓቢ ስለዝኾነ ዓብዩ ጠመተ ዝግበኦ‘ዩ ግን ክሳዕ ሐዚ አዕጋቢ መልሲ አይረኸበን:: ካልእ ምስዙይ ዝተትሓዘ አብዙይ ክጥቀስ ዘለዎ ናይ ዕጥቃዊ ቃልሲ ታሪኽ እዩ:: ድሕሪ ዓወት ን27 ዓመት ዘይምፅሓፉ የሕዝን‘ዩ:: እወ ዓሚ ተጀሚሩ‘ሎ ግን ካብ መጀመሪያ ተዝፃሓፍ በቢተፈላለዩ ቃንቃታት ተተርጉሙ ምስተዘርገሐ‘ሞ ህዝቢ ብፍላይ በቢ ከባቢኡ ዘሎው መናእሰይ ብፍላይ ናይ ኢህአዴግ ወለዶ ተዘንብብዎ ፍልይ ዝበለ ኹነትዶ ምፈጠረ እብል:: ሐዚ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘለው እንተይቀረዩ “ማንም ከማንም የበለጠ የታገለ የለም እኛም ታግለናል ብዙ መስዋት ከፍለናል“  ማለት ተጀሚሩ‘ዩ::

ኣብዚ እዋን ህወሓት ደኺማ‘ያ ካብዝብል ኣተሓሳስባ ዝነቀለ ይመስል ሓድሓደ ንናይ ህዝቢ ትግራይ ረብሓ ዘይውዕል ቅልቅል ምባል ዝጀመረ ኣካይዳታት ይረአ‘ሎ:: ማእኸላይ ኮሚቲ ህወሓት ሕጥጥ ኣቢሉ ፈትሹ ህዝበይ በዲለ‘የ “ደም አንብዐዮ‘የ“ ኢሉ ብግልፂ ኣውጁ‘ዩ ስለዙይ ተን ቃል  ዝኣተወለን ክትግብር ኣስተርሒኻ ተኸታቲልካ ከምዝትግብረን ምግባር‘ዩ ዝግባእ:: በዝ ለሚ ኣብ ትግራይ ይኹን ኣብ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ዘሎ እውነታ ዝኾነ ትግራዋይ ኣብ ዓዲ ይኹን ደገ ምእንተ ህዝቡ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ድሕሪ ውድብ ህወሓት ክዓስል ኣለዎ እብል:: ስለምንታይ ህዝቢ ትግራይ ደቁ ኣቃሊሱ ባዕሉ ተቃሊሱ ክትፍጠር ዝገበራ እንኮ ውድቡ‘ያ:: ካልኦት እተፈለየ ሓሳብ ከፍልፍላ ዝኽእላ ውድባት ኣብትግራይ ከይፍጠራ ኣነ እኣክልየ እናበለት ህወሕት ክዕምብባ እይካኣላን:: በዝ ኣተሓሳስባ ካብ እዋን ዓወት ጀሚሩ ንሕወሓት ኣመራርሓ ክትክእ ዝኽእል ሓዱሽ ወለዶ አየዳለወትን:: አረ ጵንሕ ኢሉ ዝመጸ መሪሕነትስ ዓለም በብፃት ኣብትልወጠሉ እዋን ን40-50 ዓመታት ዝኾን መምሪሒ ወሪዱልና‘ዩ  እናበለ ወይ ፍንክች እዩ ዝበለ:: ሃፀይ ኃይለ ሥላሰ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ስደት ተመሊሶም  መንግስቶም ምስመስረቱ ብዛዕባ ቤት ትምርትታት ምኽፋት ኣብ ዝግበረሉ ዘተ ልዑል ራእሲ ስዩም መንገሻ ገዛኢ ትግራይ እናሃለው ሽዑ ኣብትግራይ ቤት ትምህርቲ  አየድልን መንገሻን (ልዑል መንገሻ ስዩም) ዘውደን (ደጃዝማች ዘውደ ገ/ሥላሰ) ተማሂሮም‘ዮም በሉ ይብሃል::  ወረ‘ውን ክኾን ይኽእል::

ሓደ ክስመረሉ ዘሎ ጉዳይ ናይ ዳያስፖራ ተጋሩ‘ዩ:: እዚ አቅሚዙይ እንተሓቢሩን ተወዲቡን ብዙሕ ክሰርሕ ይኽእል‘ዩ:: ሐዝውን ይሰርሕ ከምዘሎ ይግለፅ‘ዩ:: ብፍላይ ኣብ ወፃኢ ኾይኖም በቢውሻጠ ንህዝቢ ትግራይ ዕላማ ዝገበረን ኢትዮጵያ ዝሕምሱን መልእኽትታትi ዘሕልፉ ንዝውዕሉ ፀረ ህዝብታት ግብረመልስ ናይ መሃብ ዕድል ኣለወም ይመስለኒ:: እንካን ሎሚ ከምዝመስለኒ ዝበዝሑ ኣብ ዝነብርሉ ዓድታት ዜግነት ሒዞም ቀደም ስደተኛታትኾይኖም  ንህዝቢ ትግራይ ዝጠቅም ልምዓት ጅርጅት ማሕበር ልምዓት ትግራይ (ማልት) መስረቶም‘ዮም::

እቲ ናይ ማልት ተመኩሮ ኣብዚ ክጥቀስ ይካኣል:: ብፈረንጂ ኣቆፃፅራ ብግዝ ዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ 1984-1990 ካብ አውሮፓን ኣመሪካን ናብ ሓራ መሬት ትግራይ ኣብንመላለሰሉ እዋን ካብ ህዝብንተጋደልትን ካብዝላዓሉ ዝነበሩ ሕቶታት ስደተኛታት (በቱሽዑ ግዘ) ደቅና (ንህዝቢ) ኣሓት አሕዋት (ንተጋደልቲ) እንታይ ይገብሩ ኣለው ዝብል

ዝውቱር ሕቶ ነይሩ:: እንድያውም “ ንምኻኑ ናይ ሶቤትንማሓዝትን ዝወርደና ዘሎ መዓት ቦምቢታት ኣብ ኤምባሲኦም ከይዶም ይቃወሙዶ“ ዝብሉን ካልኦትን ይሓቱ ነይሮም:: እዝኦምን ካልኦት ናይ ህዝቢ ሕቶታትን ናብ እንግሊዝ ጀርመን ሆላንድ ፈረንሳይ ጣልያን ኣመሪካ ካናዳ ዝርከቡ በቲሽዑ ግዘ ስደተኛታት ኣብዚሕና ህዝብና እንረድኣሉ መገዲ ክኾነና ኢሎም ማልት ብፈረንጂ ሰነ 1989 መስሪቶም:: ሎሚድማ ኣብቲ ሕማቅ ኹነት ዝርከብ ህዝቢ ትግራይ ብዳያስፖራ ተጋሩ ክምለሰሉ ዘሎ ሕቶ ከምዝህልዎ እግምት::